19 ጥቅምቲ ዓ. ም. ግዕዝ
29 ጥቅምቲ ዓ. ም. ጎርጎርዮስ

# ቅዱስ ሚካኤል ሊቀ መላእክት

(እዚ ዚስዕብ ኣስተንትኖ ካብ፡ *"ምስ ቅዱስ ፍራንቸስኮ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር"* ብኣባ በርናርዲን ገበል ተደሪሱ ብኣባ ዓንደሚካኤል ተኸሉ ዝተተርጐመን ብኃልዮት ማኅበር ካፑቺኒ ኣብ ኣሥመራ፡ 2004 ዝተኃትመን፡ ተወሲደ)

## 1. *ሚካኤልን እሙናት ማላእኽትን -*

ቅዱስ ሚካኤል ሊቅ (መራሒ) ሠራዊት መላእክቲ ዚብል መንፈሳዊ መዓርግ ይወሃቦ። ሰኣልትን ሰብ ጥበብን ከም ሓደ ዕጡቕ ወተሃደር፡ ሴፉ መዚዙ ዚኀዝ፡ ወይ ከኣ ብኩናት ትሕቲ ንዝተዓኾለለ ሰይጣን ዚወግእ ከምዘሎ ገይሮም የቕርብዎ። እዚ ኣቀራርባ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ዝተመርኰሰ ኢዩ እሞ ክንርእዮ።

**ሀ.** ኣብ ራእዩ ዮሓንስ "ኣብ ሰማይ ውግእ ተላዕለ፡ ሚካኤልን መልእኽቱን ምስ ገበል ተዋግኡ፣ እቲ ገበል ድማ ምስ መላእክቱ ኰይኑ ይዋጋእ ነበረ፣ እንተኾነ እቲ ገበልን መላእኽቱን ተሳዕሩ እሞ እቲ ቦታኦም ኣብ ሰማይ ኣጥፍኡ። እቲ ንብዘላ ዓለም ዜስሕታ ዘሎ ዓቢይ ገበል ተደርበየ፡ ንሱ ድማ ድያብሎስ፡ ወይ ሰይጣን ዚባሃል ናይ ጥንቲ ተመን ኢዩ፡ ናብ ምድሪ ተደርበየ፡ መላእኽቱ ድማ ምስኡ ተደርበዩ።" (ራእ 12፡ 7 - 9) ኣምላኽ ነዚ ዚርአ ዓለም ቅድሚ ምፍጣሩ ነቲ ካብኡ ኣዝዩ ዝበለጸ ዓለም ፈጢሩ ነበረ። እዚ ዓለም ከኣ ናይቶም ረቂቃን መናፍስቲ፡ ናይቶም መላእኽቲ ኢዩ። መላእኽቲ እውን ተፈቲኖም ኢዮም። ሓደ ካብቶም ዝለዓሉ መላእኽቲ፡ ሳጥናኤል ፈኸሩኡ ኣስመዐ። *"ናብቲ ናይ ደመናታት ላ/ለዋይ ጫፍ ክድይብ ኢየ፡ ንL{ዑል ከኣ ከርክቦ ኢየ።"*  (ኢሳ. 14፡14) "ሚ ኻ ኤል!" እናበለ ግን ካልእ መልኣኽ ምስ ዚበዝሑ መላእኽቲ ሰማይ ኰይኑ ተቓወሞእሞ ተዋግኡ፡ ካብቲ ኣምላኽ ብጸጋኡ ኣልዒሉዎም ዝነበረ ክብሪ፡ ከምቲ በርቂ ካብ ደመና ዚወድቕ፡ ናብ ናይ ገሃነም እሳት ገደል ተደርበዩ (ሉቃ 10፡18 ርአ)። ሚካኤል "መን ከም ኣምላኽ!?" ማለት ኢዩ።

**ለ.** እቲ ሚካኤል ምስ እሙናት ተኸተልቱ ኰይኖም ኣንጻር ሳጥናኤል ዝጀመርዎ ውግእ ገና ኣይተወደአን ኣሎ፤ ብፍቓድ እግዚኣብሔር፡ ብምሉእ ታሪኽ ወዲ ሰብ ኣቢሉ፡ ሰብ ኣብ ገነት ተሓጕሱ ካብ ዝነብረሉ ዝነበረ መዓልቲ ኣትሒዙ ክሳዕ እቲ ዜፍርሕ ቀቅድሚ መወዳእታ ፍርዲ ኪመጽእ ዘለዎ ዕግርግር ዚበጽሕን ዚቕጽልን ኢዩ። እቲ ክፉእ መንፈስ ኣብ ነፍስ ኣብ ኅብረተሰብን ኣብ ኣሕዛብን ኣብ ኣህጉራት

ምሉእ ዓለም ኣብ ክንዲ መንግሥቲ ኣምላኽ ነቲ መንግሥቱ እናቐረበ፡ እቲ ኣብ ሰማይ ዘይሠመረሉን ዘይጸንዓሉን መደብ ኣብዚ ምድሪ እዚ ኬቕሞ ይፍትን። "እቲ ዓቢይ ገበል፡ እቲ ናይ ቀደም ተመን፡ እቲ ሰይጣን ወይ ዲያብሎስ እንብሎ" (ራእ. 12፡9) እቲ ናታ ዓባይና ዘቐረበላ፡ "ነዚ ትእዛዝ ኣምላኽ ኣንድኅሪ ዘይተኸቲልኩም፡ ከም ኣምላኽ ክትኾኑ ኢኻትኩም" (ዘፍጥ. 3፡5)፣ ንኣምላኽ እምቢ እንተደኣ ኢልኩም ነፃን፡ ሕጕሳትን፡ ክትኾኑ ኢኻትኩም፡ ነዛ ምድሪ ባዕልኻትኩም ናብ መንግሥተ ሰማያት ክትልውጡዋ ኢኻትኩም፡ ዚብል ክፉእ ፈተና እናቐረበ፡ ሰባትን ኣሕዛብን ካብ ምፍታንን ምስሓትን ኣየቋረጸን።

እንተኾነ፡ ከምቲ ኣስሓቲ መንፈስ ተግባሩ ኪፍጽም ዂሉሳዕ ስንድዊ ኮይኑ ዚርከብ ከምኡ ከኣ ቅ. ሚካኤል ምስ መላእኽቱ መሰል እግዚኣብሔርን ሓቐይና ጥቕሚ ደቂሰብን ንኪሕሉን ኬኽብርን ኣብ ቦታኡ ይርከብ። እቲ ዕውት "መን ከም ኣምላኽ?" ዚብል ፈከራኡ ኣየቋርጽን ኢዩ። ምስቲ ሰማያዊ ሠራዊቱ ከምቲ ሽዑ ንኣምላኽን ንመንግሥቱን ኪብል ይዋጋእ ኣሎ። ኣብ ብሉይ ኪዳን ዳንኤል፡ ፍሉይ ሓላው ሕዝቢ እግዚኣብሔር ሚካኤል ይበሃል ከምዝነበረ ይምስክረሉ (ዳን 10፡13.21)። ካብ ክልተ ሺሕ ዓመት ኣትሒዙ ከኣ ናይ ቤተክርስትያን፡ ማለት ናይቲ ሓዲስ ሕዝቢ እግዚኣብሔር፡ ፍሉይ ሓላው ናይ ምዃን ኣገልግሎቱ ይቕጽል ኣሎ። ስፍሓት ናይዚ ሚካኤል ዝረኸቦ ዓወት ግን ኣብቲ ናይ ዘለዓለማዊ ብርሃን ጥራይ ኢዩ ብምልኣቱ ዚረኣየናን ዚግለጸልና።

## 2. ተከላኻሊ ነፍሳት

ወዲሰብ ኣብዚ ምድሪ ኣብ ዜካይዶ ቃልሲ ኣንጻር ተቓውሞ ኣምላኽ፡ መላእኽቲ ከም እሙናት ተኸላኸልትና ኰይኖም፡ ይረድኡና። ብፍላይ ከኣ ኣብታ ወሳኒት ዝኾነት ናይ መወዳእታ ሰዓት ሕይወትና፡ ኣብ ኣፍደገ ሕይወት ምስ በጻሕና፡ እቶም ዝበለጹ ኣሰነይትና ንሳቶም ኢዮም። ቤተ ክርስትያን "ኣብ መወዳእታ ሕይወትና እቶም ቅዱሳን መላእኽትኻ ናብ ዘለዓለማዊ መንበርካ፡ ናብ ማሕደር ሕጕስን ቅዱስን ማኅበርካ ከምዜእትዉና ግበር። ቅዱስ ሚካኤል፡ እቲ ዓቢይ ዓዋዲ፡ ንዝዓረፉ ምእመናንካ ብርሃን ናብ ዘይዓርበሉ ቦታኻ መሪሑ የእትዎም።" እናበለት ትጽሊ።

ቅዱስ መጽሓፍ ነቶም ዓበይቲ መላእኽቲ ዚህቦም ስም እንተዝተብሂልና፡ ሚ-ካ-ኤል (መን ከም ኣምላኽ)፡ ግብር-ኤል (ተግባር/ሥራሕ እግዚኣብሔር)፡ ሩፋ-ኤል (መድኃኒት ኣምላኽ) ትርጕሙ ሓለውቲ ነፍሳት ከምዝኾነ ይርዳኣና።

ኣብ ሥርዓተ ጸሎት ቤተክርስትያን ሃገርና፡ ቅዱስ ሚካኤል ፍሉይ ቦታ ኣለዎ። ለይቲ ምድሪ መዘምራን ብማኅሌት ኪጽልዩ እንከለዉ፡ "ሚካኤል፡ ሊቀ መላእክት፡ ሰኣል በእንቲኣነ፡ ወቅዱስ ገብርኤል ኣዕርግ ጸሎተነ!" ኢሎም ኣፎም ይኸፍቱ።

ቀጺሎም ከኣ፡ ከምዚ እናበሉ ሰላምታኦም ናብ ሚካኤልን ሠራዊቱን የቕርቡ፡

"ሰላም ለሚካኤል፡ ወገብርኤል ወሱራፌል ወኪሩቤል...

ትጉሃነ ሰማይ፡ ዘክሩነ በጸሎትክሙ።

"ሰላም ለሚካኤል፡ ወገብርኤል ወሱራፌል ወኪሩቤል...

ሊቃናተ ነድ ዘሰማያዊ ማኅፈድ፡ በእንተ ብግዑ ዕቀብዋ ለዛቲ ዓፀድ

"ሰላም ለሚካኤል፡ ወገብርኤል ወሱራፌል ወኪሩቤል...

ከመ ትዕቀቡነ ተማኅጸነ ለክርስቶስ በደሙ።

"ሚካኤል፡ ወገብርኤል ወሱራፌል ወኪሩቤል እለ ትሴብሕዎ

መላእክተ ሰማይ ሰኣሉ ለነ፡ ኣስተምህሩ ለነ ቅድመ መንበሩ ለእግዝእ።

"ሰላም ለከ፡ ሊቀ መላእክት ሚካኤል፡ ወዲበ ሰናይትከ ዓዲ ለሰብእ ሣህል

አሐዱ እምእለ ይባርክዎ ለቃል፡

እዙዝ ዲበ ሓዝብ ከመ ትተንብል፡

በእንተ ሥጋሁ ነበልባል ርእሰነ ከልል።